# እንስሳ ዘቤት

እንስሳ ዘዕቢ ሰብ ዝተፈላለየ ሕግታት ክኽተል ኣለዎ። ገለ ዓይነታት እንስሳታት ኣብ ኣፓርታማ ክትሓዙ ኣይፍቀድን እዩ። ወነንቲ ኣኽላባት ግብሪ ከልቢ ክኽፍሉ ኣለዎም።

## እንስሳ ዘቤት ምሓዝ

ዝኾነ ኣብ ዝተኻረዮ ኣፓርታማንኣሽቱ እንስሳታት ዘቤት ከም ሓሰማ-ጊኒ፡ ሃምስተር፡ ካናሪ ወይ ዓሳ ክሕዝ ይፍቀደሉ። ዝነብር
ይኹን እምበር ኣካረይቲ ገዛውቲ ኣብቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ከም ድሙ ወይ ኣኽላባት ዝኣመሰሉ ዓበይቲ እንስሳታት ምሓዝ ክኽልክሉ ይኽእሉ እዮም። ዓው ዝብሉ/ዝውጭጩ ወይ ሓደገኛታት እንስሳታት እውን ክእግዱ ይኽእሉ እዮም። ቅድሚ እንስሳ ዘቤት ምሓዝካ፡ ካብ ኣካራዪኻ ፍቓድ ክትረክብ ኣለካ።
ብተወሳኺ ወነንቲ እንስሳታት ፌድራላዊ ሕግታት ሓለዋ እንስሳ ክኽተሉ ኣለዎም። ንኣብነት ዝተወሰኑ ዓይነታት እንስሳታት በይኖም ክትሕዞም ኣይፍቀድን እዩ (ንኣብነት ማንትለ) ወይ ኣብ ዓበይቲ ጓጓታት ጥራይ ክትሓዙ ኣለዎም።
ብዙሓት (ናይ ካልእ ሃገር) እንስሳታት ናብ ስዊዘርላንድ ክኣትዉ ፈጺሞም ኣይፍቀድን እዩ። ንኻልኦት ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ሓለዋ ተጠቀምትን ሕክምና እንስሳን (Service de la consommation et des affaires vétérinaires – SCAV) ፍሉይ ፍቓድ የድሊ።

## ኣኽላባት

ኣብ ካንቶን ዩራ ንኣኽላባት ዝምልከት ፍሉይ ሕግታት ኣሎ፤
ኩሎም ኣኽላባት ኣብ ትሕቲ ቆርበት ብማይክሮቺፕ ምልክት ክግበረሎም ኣለዎ። ክምዝገቡ ውን ኣለዎም። እቲ ዋና ናይ ከልቢ መለለዪ ካርድ ይቕበል።
ኣስተውዕል፥ እዚ ካርድ እዚ ምስቲ ናብ ወጻኢ ሃገር ንምጉዓዝ ዘድልየካ ናይ እንስሳ ዘቤት መለለዪ ካርድ ሓደ ኣይኮነን።
ኣኽላባት ኣብቲ ዝነብሩሉ ምምሕዳር ክምዝገቡ ኣለዎም። ዓመታዊ ግብሪ ከልቢ ክኽፈል ኣለዎ።
ኩሎም ወነንቲ ከልቢ ሰገራ ከልቦም ኣልዒሎም ክድርብዩ ኣለዎም።
እንተዘይኮይኑ ክቕጽዑ ይኽእሉ እዮም።
ኣብ ኣኽላባት ናይ ምስልጣን ኮርስ ክትሳተፉ ይምከር።
ንገለ ዓሌታት ከልቢ ከም ፒትቡል ወይ ሮትቫይለር ፍሉይ ፍቓድ የድሊ።
ካብ ሓኪም እንስሳታት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.bonjour-jura.ch/ti/bon-a-savoir/les-animaux-domestiques